This project is co-funded by the European Union Asylum, Migration and Integration Fund. Making management of migration flows more efficient across the European Union.

# ተሳትፎ ስደተኛታት 2፡

## ኣቶም ተሳትፎ ንምግባር ዘድልዩ ክእለታት እንታይ እዮም፧

### ድሕረ ባይታ

ናይ ስደተኛታት ተሳትፎ ዝተፈለለየ ስያመ ክወሃቦ ይኽእል፣ ን ኣብነት ' ካብ ልምዲ ተበጊሶም ሰብ ክእለት ዝኾኑ' ወይ 'ተሳትፎ ተጠቃማይ'። እዚ ድማ እቶም ዝተወሰነ ተሞክሮ ዘለዎም ሰባት ነቶም ዝቐርቡሎም ኣገልግሎታት ቅርጺ ኣብ ምትሓዝ ክምዝኽእሉ ዝገልጽ እዩ።

### ተሳትፎ ምግባር ንምንታይ፧

ብ ናይ ተሳትፎ ንጥፈታት ኣቢልካ፣ ክእለታትካ ክተመሓይሽን ኣገልግሎታት ብኽመይ ከምዝሰርሑ ዝሓሸ ርድኢት ክህልወካ ዝገብርን እዩ። ትካላት ነቶም ናይ ስደተኛታት ማሕበረሰባት ብዝሓሸ ኣገልግሎት ክህቡ ንምግባር ክትጥቀሙሉ ትኽእሎ ክትገብር ዘኽእሉኻ ብዙሕ ፍልጠት ኣለካ። እቲ ዘለካ ፍልጠትን ተሞክሮን ነቲ ኣገልግሎታት ዝህቡሉ መገዲ ኣብ ምምሕያሽ ክሕግዝ ይኽእል እዩ።

ብተሳትፎ ኣቢልካ ድማ ነቲ ዘለካ ርእሲ ተኣማማኒነት ክተዕቢ፣ ናይ'ቶም ን ስደተኛታት ዝቐርቡ ኣገልግሎታት ኣብ ድሕሪ መጋረጃ ዘሎ ከይዲ ክትርኢን ኣብ ከክንዲ ማሕበረሰብካ ድምጽኻ ክተስምዕን ትኽእል ኢኻ። ካብ'ዚ ብተወሳኺ ነቶም ከም ክእለት ርክብ፣ ምድማጽ፣ ህዝባዊ መደረ፣ ምጽሓፍን ናይ ኣመራርሓ ክእለታትን ካልኦት ብዙሓት ነገራትን ክትለማመድ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ'ቶም ንስደተኛታት ነገራት ቀለልቲ ክኾኑ ይገብሩ እዮም ኢልካ ዝኣመንካሎም ምንቅስቓሳት ክትሳተፍን ድልየት ክተሕድርን ዋላ'ውን ሓደሽቲ ክእለታት ክተማዕብልን ትኽእል ኢኻ። ገለ ትካላት ስለ እቲ ዘለካ ፍሉይ ክእለት ወይ ድማ ናይ ስደተኛታት ድምጺ ክስማዕ ንምኽኣል ክብሉ ክትሕወሶም ክሓቱኻ ይኽእሉ እዮም።

### ተሳትፎ ብኸመይ እዩ ዝሰርሕ፧

ስደተኛ ተሳታፋይ ንምዃን ናይ ምልክታ መስርሕ ክትዛዝም ክትሕተት ትኽእል ወይ ዝተወሰኑ ክእለታት ክህልዉኻ ክትሕተት ትኽእል ኢኻ። እዞም ረቛሒታት እዚኦም ንብዙሓት ሞያዊ ስራሕቲ ከም ስታንዳርድ ኮይኖም ዘገልግሉ ኮይኖም ንስኻ ድማ ነቲ ስራሕ ክትሰርሖ ከም ትኽእል ንምርኣይ እውን ክጥቀመሎም ትኽእለሎም እዮም። ንኣብነት፣ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ክሓቱኻ ይኽእሉ፡

- ንዝተወሰነ ናይ ግዜ ጻንሒትን ናይ ተሳትፎ ግዜያትን ነቲ ስራሕ ንምስራሕ ግዜኻ ክትህብ
- ምስ'ቲ ትካል ዘለካ ርክብ ክትዕቅቦ
- ትምህርቲ ንምውሳድ ክፉት ኣእምሮ ክህልወካ
- ሰባት ዝተፈላለዩ ባህሊታትን ሃይማኖታትን ከምዘለዉዎም ክትቅበል
- ናይ ርክብ ዝርዝር ኣድራሻኻ ክተካፍል
- ናይ መወከሲ ኣድራሻ ዝርዝር ክተቕርብ፡ እቲ ከም መወካሲ ኢልካ ተቕርቦ ሰብ ዓርክኻ፣ ቅድም ክብል መሳርሕትኻ ዝነበረ ወይ ዝኾነ ዝፈልጠካ ሰብ ክኾን ይኽእል እዩ
- ብዛዕባ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ስደተኛ ምዃን ዘለካ ተሞክሮ ክተካፍል፣ ይኹን እምበር እዚ ኣገዳዲ ኣይኮነን። ዝኾነ ክተካፍሎ ምቾት ዘይህበካ ነገር ክተካፍል ክትገደድ ኣይትኽእልን ኢኻ።
- ዝተወሰነ ድረጃ ክእለት ምዝራብ ቋንቋ እንግሊዘኛ (ዝተወሰነ ደረጃ) ክህልወካ፣ ካልኦት ቦታታት ግን ተርጓሚ ከቕርቡልካ ይኽእሉ እዮም
- DBS (ናይ ፖሊስ ምርመራ) ሰርተፊኬ ክህልወካ

ትካላት ምስ'ዞም ደረጃታት ብዝተሓሓዝ ክሕግዙኻ እዮም። ቅድሚ ምልክታ ምቕራብካ ምስ'ቶም ኣባላት እቲ ጉጅለ ናይ ምዝርራብ ዕድል ክህልወካ እዩ፣ በዚ ድማ ነቶም ክህልዉኻ ዝኽእሉ ዝኾኑ ሕቶታት ክምልሱልካ ይኽእሉ እዮም።

ነቲ ናይ ተሳትፎ ዕድል ንምርካብ ድሕሪ ምምልካትካ፣ ብዛዕባ እቲ ትሰርሖ ስራሕ መእተዊ ትወሃበሉ ኣኼባ ክህልወካን ብዛዕባ እቲ ስራሕ ስልጠና ክትረክብን ትኽእል ኢኻ። ኣብ ገለ ቦታታት ናይ ኢንፎርሜሽን ቴክኖሎጂ ኣቕሓን ብዛዕባ ኣጠቓቕማኡ ድማ ስልጠናን የቕርቡልካ እዮም

ዘክር፣ ምስ'ቶም ንጥፈታት ዝተሓሓዙ ዝኾኑ ክፍሊታት፣ ንኣብነት ናይ መጎዓዚያ ወጻኢታት ወይ ናይ ዳታ ክፍሊታት ብዝምልከት ንዝህልዉኻ ናይ ክፍሊት ሕቶታት ክተቕርብ ትኽእል ኢኻ፣ ይኹን እምበር ቅድሚ ገንዘብካ ወጻኢ ምግባርካ እቲ መደብ ነዞም ወጻኢታት ከም ዝሽፍኖም ከተረጋግጽ ኣለካ። ካብ'ዚ ብተወሳኺ መተባብዒታት ክወሃቡኻ ይኽእሉ እዮም፡ እዚኦም ድማ ገንዘባዊ ወይ ዘይገንዘባዊ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

## ቅድሚ ኣካል ተሳትፎ ምዃንካ እንታይ ደረጃታት ክትሓልፍ ኣለካ፧

እንተደኣ እቲ ክትሳተፈሉ ዝተሓሰብካሉ ተራ ከም መጠን ሓደ ናይ ዓባይ ብሪጣንያ ስደተኛ ዘለካ ናይ ናብራ ተሞክሮ ተሞርኩስካ ዘለካ ሓሳብ ክተካፍል ምግባር ኮይኑ፣ ኣካል ናይ ዝኾነ ናይ ተሳትፎ ፕሮጀክት ምዃን ቀጠታዊ ዝኾነ መስርሕ ክኾን ኣለዎ።

ዘክር፡ ንሓደ ዕድል ንምርካብ ቅድሚ ምዝገባ ምግባርካ፣ ብዛዕባ እቶም ዘለዉ ክፉታት ቦታታት ዝህልዉኻ ዝኾኑ ሕቶታት ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት፡ እቶም ንጥፈታት ኣበይን መዓስን ከምዝካየዱ፣ ክሳብ ክንደይ ስሩዕ ብዝኾነ መንገዲ ከምዝካየዱ? ወይ ድማ ጉዕዞ ክትገብር ዝሓቱኻ ምዃን ዘይምዃኖም ንገዛእ ርእስኻን ንማሕበረሰብካን ዝህቡዎም ረብሓታት እንታይ እዮም፧ ዘድልየካ ደረጃ ክእለት ቋንቋ እንግሊዘኛ እንታይ ምዃኑን ተርጓሚ ዘቕርቡ ምዃን ዘይምዃኖምን፧ ናይ ቆልዓ ክንክን ክፍሊታት ዝሸፍኑ ምዃን ዘይምዃኖም፧

ካብ'ዚ ብተወሳኺ ቅድሚ ምዝገባ ምክያድካ ነቲ ስራሕ ንምስራሕ ዘኽእለካ ግዜ ዘለካ ምዃኑ ኣብ ግምት ውሽጢ ክተእቱ ኣለካ።

## ናይ ተሳትፎ ረብሓታት እንታይ እዮም፧

1. ናይ ርከብ ክእለታትካ ኣማዕብል፡
   - እቲ ተካይዶ ተሳትፎ ነቲ ዘለካ ክእለተ ቋንቋ እንግሊዘኛ ኣብ ምምሕያሽ ክሕግዘካ ዝኽእል እዩ፡ እዚ ድማ ኣብ'ቲ ስራሕ ክትዓቢ ዘኽእለካ ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ'ቶም እተካይዶም መዓልታዊ ንጥፈታት ምስ'ቶም ካብ ዝተፈላለየ ናይ ባህሊ ድሕረ ባይታ ዝመጹ ሰባት ኣብ ዝህልወካ ርክብ እውን ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም።
   - ብዛዕባ ክእለታት ምድማጽን ህዝባዊ መደረን እውን ስልጠና ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።
   - ይኹን እምበር፣ እንተደኣ ነቶም ቋንቋ እንግሊዘኛ ትምህርቲ ዝወሃበሎም ክፍሊታት ኣብ ምድላይ ትርከብ ኮይንካ፣ ኣብ'ዚ ኣብ **<u>ዮርክሺር ከምኡውን ኣብ ሃምበር ኢንግሊሽ ምምሃር</u>** ኣብ ዝብል ወብ ሳይት ክትረኽቦም ትኽእል ኢኻ።

2. ብዛዕባ እቶም ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ዘሎ ሂወት ዝምለከቱ ዜናታት፣ መምርሒታትን ሕግቲታትን ብዝምልከት ሓበሬታ ርኸብ፡
   - ኣካል ናይ ዝርርብ ኔትዎርክታት ንምዃን፣ ምስ'ቶም ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ ናይ ስደተኛታት ትካላት ክትራኸብ፣ ነቶም ምስ ናይ ስደተኛታት ምውህሃድን ናይ ስደተኛታት ማሕበረሰባትን ዝዛመዱ እዋናዊ ሓበሬታታትን ዜናን ንምርካብ ምዝገባ ምክያድ።

3. ካብ'ቶም ተገዲድካ ናብ ስደት ናይ ምውጻእ ተሞክሮ ዘለዎም ሰባት ትምህርቲ ምውሳድን ነቲ ትርከበሉ ናይ ስደተኛታት ማሕበረሰብ ወኪልካ ድምጽኻ ክስማዕ ምግባር፡
   - ካብ'ቶም ስደተኛታት ዘለዉዎም ስክፍታታት ውሑስነቶም ተሓልዩ ከገልጹ ዝሕግዙ ትካላት ዝወሃቡ ናውቲታትን መምርሒታትን ክትርኢ ትኽእል ኢኻ። ን ኣብነት **<u>ካብ ናይ ሓባር ቤት ምኽሪ ንድሕነት ስደተኛታት (The Joint Council for the Welfare of Immigrants )</u>**ን **<u>ናይ ናይ ዓሌታዊ ማዕርነት መልእኽቲ ስሉጥ ብዝኾነ ኣገባብ ምምሕልላፍ (CRÈME) (Communicating the Race Equality Message Effectively) ፕሮጀክት ናይ ሓበሬታ ሉሓት OnRoad Media</u>**

4. ታሪኽ ወይ ብዛዕባ ስደተኛታት ዘሎ ሓቂ ንምክፋል ምስ መራኸብቲ ሓፋሽ ምስራሕ፡
   - ናጻ ስልጠና ክትረክብን ኣብ መራኸብቲ ሓፋሽን ናይ ጥብቅና መሰላት ስደተኛታትን መን ከምዝሰርሕን ክትፈልጥ ትኽእል ኢኻ፣ **IMIX**ን ኣብነት ከም **Refugee Action**

5. ን ማሕበረሰብካን ነቶም ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ ትካላትን ደገፍ ግበር።
   - ተሳትፎ ብምክያድካ ትካላት ካብ ገዛኻ ተገዲድካ ናብ ስደት ምውጻእ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ክርድኡ ተተባብዖም ኣለኻ ማለት እዩ፣ እዚ ድማ ነቶም ድሕሪኻ ዝመጹ ሰባት ዘቕርቡዎ ኣገልግሎታት ዝሓሸ ክኾን ኣብ ምግባር ክሕግዝ ይኽእል እዩ።
   - ትካላት፣ እተን ናይ ግብረሰናይ ስራሕቲ ዝሰርሓ ሓዊሱ ስራሕተን ንምስራሕ ኣብ ደገፍ ኣባላት ማሕበረሰብ እየን ዝምርኮሳ።